<u>**ህዝባዊ ውሳነታት-ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን**</u>

**ንሕና ፡ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኡን እንነብር ኤርትራውያን ፡ ሎሚ 24 ለካቲት 2013፣ ወኪል ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዝጸውዖ ህዝባዊ ዘተ፣ ንህልዊ ፖለቲካዊ፣ ዲፕሎማሲያዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ዝሃቦ ሰፊሕን ጉሉጽን፣ ዘዕግብ መብርሂ ሰሚዕናን፣ ክፉትን ልዙብን ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ ኣካይድና፡**

**ስርዓት ወያነን መሻርኽቱን ብዝምውልዎም ካብ መስርሕ ህንጸት ሃገርን ውራይ ልምዓትን ንምሽሓፍ ዝዋደዱ ሸርሕታት እንታይ ከምዝመስሉን፡- ነዚ እኩይ ውጥናት ምሉእ ደገፍ ንምሃብ መንግስቲን ውድብን ብፈጠራዊ ጸለመ ጸለሎ እናቐባእካ ፡ ሓድነትና ንምብታኽን ሃገራዊ ድሕነትና ኣብ ሓደጋ ንምውዳቕን ንዝግበር ሃቐነታት ብዕምቈት ኣስተብሂልና፤ ነብስና ንምኽኣልን፡ ቅስንቲ፡ ስልጥንትን ብልጽግትን ሃገር ንምህናጽ ፡ ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንዝውሰዱ ዘለዉ ውሳነታትን ንዝትግበሩ ዘለዉ ናይ ልምዓት መደባትን ብዕትበት ዘቲና ወዲእና ነዞም ዝስዕቡ ውሳነታት ነሕልፍ፣-**

- **<u>ቀዳማይ፣</u> ንኹሎምቶም ሰላም፡ ስምረትን ዕብየትን ህዝቢ ኤርትራ ዘይደልዩ፡ ንነኣሽቱ ፍጻመታት ኣተዓባብዮምን ዘይናቱ ትርጉምን ትንታነን ሂቦም፣ ዘይነበረን ዘይተገብረን ድራማታት ፈጢሮም፡ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ወራር ኣብ ህዝቢ ናዕብን ፍልልይን ከስርጹ ህርድግ ዝብሉ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ፣ <<ኢድኩም ኣክቡ>> እናበልና ኣትሪርና ንኹንን።**

  **ኣብ ጐኒ ህዝብናን መንግስትናን ኰይና ንኽንምክቶምን ውዲታቶም ኩሉ ንነፍሽል ሎሚውን ከም ወትሩ ድልዋት ምዃና ነረጋግጽ፣**

- **<u>ካልኣይ፡</u> ነቲ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ጻዕርን ድኻምን፣ ኣብ መትከል ርእሰኻ ምኽኣል ተሞርኵሱ፣ ህዝብን መንግስትን ዘሰላስሎ ናይ ነጥበ-መቐይሮ ወህሉል ቁጠባዊ ዕብየት፣ እናድነቕና፣ ኣብቲ ተሪፉ ዘሎ ዕማም ከም ዜጋታት እጃምና ከነበርክት ቅሩባት ምዃና ነረጋግጽ።**

  **ነዚ ሓያል ቁጠባዊ ዝላ ፣ ንሓዋሩ ዘምጽኦ ዘይዕገት ዕብየትን ምስኡ ንዝረጋገጽ ሰላምን ቅሳነትን፣ ክርእዩ ዘይወሓጠሎም ኩሎም ተጻባእቲ፣ ቁጠባዊ ጉዕዞና ክኹልፉ፣ ዘናፍሕዎ ዘለዉ ዝተፈላለየ ሓሶታትን ጸለመን ድማ ኣትሪርና ንኹንን፣**

- **<u>ሳልሳይ፣</u> መንግስትና ካብቲ ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር ዝብል ራኢኡ ተበጊሱ ምእንቲ ሰላምን ምሕዝነትን ኣብ ከባቢና ዘካይዶ ዘሎ ዉሕሉል ዲፕሎማሲያዊ ኣተሓሕዛ እናሞጐስና፣ እቲ ኣብ ክንዲ ሰላም ህውከት መሪጹ ኣህጉራዊ ሕግን ብይንን ረጊጹ ዘሎ ስርዓት ኢትዮጵያ ብዘይ ቅድመ ኩነትን ወዓል ሕደርን ካብ ልኡላዊ መሬትና ክወጽእ ደጊምና ነተሓሳስብ፣**

- <u>ራብዓይ፥</u> እቲ ዝኾነ ይኹን ጭብጢን መርትዖን ዘይብሉ፡ ኣብ ልዕሊና ዝተሰገደደ ዘይፍትሓዊ እገዳ፣ ብዘይ ውዓል ሕደር ክልዓል ንጽውዕ፣
- <u>ሓሙሻይ፥</u> ከምቲ <<ጭጉራፍሲ፣ ወቺዓ ተእዊ>> ዝብሃል እቶም በቲ ኣብ መንእሰያትና ኣብ በረኻታት ሲና ዝበጽሖም ዘሎ ኣደራዕ ቀንዲ ተሓተቲን ሃዋርያታት ጥፍኣት ክነሶም፡ ደይ መደይ ኢሎም ንመንግስቲ ኤርትራ ከላግብሉን ብምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ክኸስዎ ዝህቅንዎ ዘለዉ ከንቱ ፈተነታት ኩሉ ንኹንን፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣህጉራዊ ሕጊ ተኸቲሉ መሰል ዜጋታቱ ንምኽባርን ወጽዓኦም ንውጋድን ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ከኣ ንድግፍ፣
- <u>ሻዱሻይ</u>፡ ከም ኤርትራውያን ኣመሪካውያን፣ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ብቐጻሊ ክጠልቦ ዝጸንሐ ንሃናጺ ጽምዶ ኤርትራን ኣሜሪካን እናደገፍና፣ ምምሕዳር ፕረሲደንት ባራክ ኦባማ እወታዊ ግብረ መልሲ ክህብ ንጽውዕ፣

<u>ኣብ መወዳእታ </u>ንኹሎም እቶም ብሽም ዲሞክራሲ ዘይደሞክራስያዊ፡ ብሽም ሃይማኖት ዘይሃይማኖታዊ፡ ብሽም ሰብኣዊ መሰል ዘይሰብኣዊ ገበናት ንኽፍጽሙ ከይደቀሱ ዝሓድሩ ባእታት መሰል ሃገርን ህዝብን ክግህሱ ከም ዘይነፍቅደሎምን ብዘይ ነግ-ፈረግ ከም እንምክቶም ቃል ንኣቱ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ዕድመ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ!
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!
2/24/2013